SANDEFJORD KOMMUNE

Tigrinja

# እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም ናብ ሳንድፍዩርድ ክፉት መዋእለ ህጻናት



## ንምንታይ ንኸይድ

ኣብዚ ቦታና ኣብ ሓደ ንቆልዑ ተባሂሉ ዝተዳለወ ከባቢ ካልኦት ቆልዑን ስድራቤትን ትረኽቡ።

- ቆልዑ ንካልኦት ቆልዑ ንጻወታን ደስታን ምትሕውዋስን ይራኸቡ።
- ንኩሎም ቆልዑ ኣብ ዝተፈላለየ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ንዕኦም ዝኸውንን ዘነቓቕሕ መጻወትን መሳረሕን ኣለና።
- ኣብዚ ካልኦት ስድራቤትን ሞያውያን ሰባትን ይርከቡ።
- ንተራ ስድራቤት ዝምልከት ኣብዚ ሓገዝን ምኽርን ትረኽቡ።
- ኣብዚ ን ስድራቤት ነኣሽቱ ህጻናት ብዛዕባ ካልእ መንግስታዊ ኣገልግሎት ሓበሬታ ክረኽቡ ይኽእሉ።
- ኣብዚ ወለዲ ምስ ደቆም ኮይኖም ኣብ ጸወታን ንጥፈታትን ብሓደ ይሳተፉ።

  ብሓባር ኮይና ኣብዚ ንንኣሽቱን ዓበይትን ዝኸውን ሓደ ክፉትን ጠርናፊ ከባቢን ንፈጥር ኢና።

| Åpningstider: kl. 09.00 - 14.00 | Mandag | Tirsdag | Onsdag | Torsdag | Fredag |
|---|---|---|---|---|---|
| **Avdeling Sentrum**<br>Holmbrua 2, Søberg<br>Telefon 409 15 794 | Åpen | Åpen | | | Åpen |
| **Avdeling Kroken**<br>Laurasvei 5<br>Telefon 409 15 793 | Åpen | | Åpen | | |
| **Avdeling Grenda**<br>Vardenlia 32G<br>Telefon 409 15 793 | | Åpen | | Åpen | |
| **Styrer: Heidi Riis Hov** | | | | | |

Sandefjord kommune Kopisenter - o.nr. 1252 - september 2021

## • እንታይ ኢዩ ክፉት መዋእለ ህጻናት

እዚ ክፉት መዋእለ ህጻናት ሓደ ናይ ትምህርታዊ ኣገልግሎት ንኩሎም ቆልዑ ኣብ ትሕቲ ናይ ትምህርቲ ግዴታ ኣብ ሳድፍዩርድ ምምሕዳር ዝርከቡ፣ እሞ ከኣ መዋእለ ህጻናት ዘይከዱ ኢዩ።

- እዚ ክፉት መዋእለ ህጻናት ናይ ሳንድፍዩርድ ብ ምምሕዳር ዝካየድ ኢዩ።
- እቲ ኣገልግሎት ንቆልዑ ምስ ስድራቤቶምን ወይ ሓላፍነት ዘለዎም ሰባት ተታሒዞም ንዝመጹ ኢዩ።
- ነጻ ኣገልግሎት ኢዩ.
- ምምዝጋብ ኣየድልዮን ኢዩ.
- መዋእለ ህጻናት ክፉት ኣብ ዝኾነሉ ግዜ ክትመጹን ኣብ ዝጠዓመኩም ድማ ክትከዱን ትኽእሉ።
- እቲ ሓገዝ ገንዘብ ነቶም ቆልዑ መዋእለ ህጻናት ዘይከዱ ዝወሃብ (ኮንታንትስቶተ) ኣይትንከፍን ኢዩ።
- ምስ ብዙሓት ሞያውያን ኣብቲ ናይቶም ናይ ስድራቤት ማእከል (ፋሚሊ ሰንተር) ዝኾነ ክፍሊ ወይ ኣደራሽ ኢና ንጥቀም።
- ብዛዕባ ቦታን ዝኽፈተሉ ሰዓትን ኣብ ዳሕራዋይ ገጽ ተመልከቱ.

## ኣብ ክፉት መዋእለ ህጻናት እንታይ ይፍጸም

- ነዚ ናይ መዓልታዊ ኣገልግሎት ሓላፍነት ዝወስድሉ ድማ ሓደ መምህርን ሓደ ናይ ሞያ ሰራሕተኛ ወይ ተሓጋግዚን ኢዮም።
- ዝተፈላለዩ ናይ ጸወታ ንጥፈታት ንቆልዑ ዘተሓሳስቡን ሓድሽ ተመክሮን ፍልጠትን ከብልሑን ክምስጡን ዝኽእሉ ኢና ነቕርበሎም።
- ቆልዑ ጸወታ ምስ ካልኦት ህጻናት ከስተማቕሩ ንዕኦም ብዝምችእ ኢና ንሰርዓሎም።
- ምስ ወለዲ ብዛዕባ ትሕዝቶን ንጥፈታትን ምትሕብባር ኣለና።

### መዓልታዊ መደባት መዋእለ ህጻናት

- ሰዓት. 08.30 – ጸወታን ንጥፈታትን
- ሰዓት. 11.00 – ጥርናፌ/ ናይ ዜማ ግዜ
- ሰዓት. 11.30 – ጠዓሞት
- ሰዓት. 12.00 – ጸወታን ንጥፈታትን
- ሰዓት. 14.00 - መዋእለ ህጻናት ይዕጾ

- ኩሎም ንዕኦምን ንደቆምን መግቢ ሒዞም ኢዮም ዝመጹ።
- ካባና ድማ ሻሂን ቡንን ማይን ድማ ብነጻ ይቐረብ።
- ኩሎም ድማ ኣብቲ ተግባራዊ ነገር ዘበለ ድማ ይሕግዙ።

## ንነጥፈሎም ዓውድታት

- ጸወታ
- ዝምድናን ምትእስሳርን
- ኣካላታዊ ምንቅስቓስን ጥዕናን

### ቋንቋን ዝርርብን

ነንሕድሕድና ክንፋለጥ ምእንቲ ኣገደስቲ ዘድልዩና ነገራት ግሉጽነትን ዝርርብን ኢዮም። መዋእለ ህጻናት ሓደ

ጽቡቕ ባይታ ናይ ኩሉ ኢዩ፣ ኣብ ነንሕድሕድካ ክልተኣዊ ክብረት ዝተሞርከሰ ኢዩ። ክፉት መዋእለ ህጻናት

ድማ ሓደ ጽቡቕ ቦታ ናይ መማዕበልን ጽቡቕ ናይ ቋንቋ ኖሽኽ ትጥቀመሉን ኢዩ።

### ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ተዓዘቡ

ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ተዓዘቡse:
ክፉት መዋእለ ህጻናት (Åpen barnehage)
ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይ ምምሕዳር
www.sandefjord.kommune.no

